# መበል 22 ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት

## ብልዑል ድምቀት ተኻይዱ

ከም ኣካልን መቐጸልታን ጽምብላት ዕለተ ሓበንና ኣብ ውሽጥን ኩሉ ኩርንዓት ዓለምን፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፍራንክፈርትን ከባቢኣን፡ ቀዳም 25 ግንቦት ብኣዝዩ ድሙቕ ኣገባብን ውዕዉዕ መንፈስን፡ "መኸተ ድርዕና - ስራሕ ክብርና"፡ ብዝብል ቴማ መዓልቲ ናጽነቶም ጸምቢሎም።

ኣዳራሽ ጽምብል፡ ልክዕ ሰዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ ምስ ተኸፍተ፡ ዋሕዚ ሰብ ውራይ፡ ንተዓዛባይ ብዘድንቕ ኣገባብ ጀሚሩ ክሳብ ኣዳራሽ መሊኡ ብኣኽበርቲ ጸጥታ "ኣኸለ" ተባሂሉ ምእታው ዚኽልከል፡ ቀጺሉ።

ብወከልቲ ሃገራውያን ውዳቤታት ዝቖመት ሽማግለ ጽምብል፡ ብዉሁድ ኣገባብ፡ ብሓይሊ ዕማማት ተወዲባ ሓያል ምድላዋት ኪትገብር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዛ ዕለት ኩሉ ዓይነታት ቀረብን ሺሻይን ድልዊ ገይራ ንነገድቲ ጽምብል ጀባእ ኢላ።

መራሕቲ መደብ፡ መንእሰያት ሰላማዊት መንግስቱን ሄሮም ሃብተሚኪኤልን፡ "መርሓባ" ብምባል ምጅማር መደብ ምስ ኣበሰሩ፡ ኩሉ ተሳታፋይ ካብ መቓምጦኡ ተላዒሉ፡ ዝኽረ-ሰማእታት ኪፍጸም ብምዕዳም፡ ናይ ደቒቕ ጸሎተ ሕልና ተፈጺሙ። ስዒቡ፡ ብመሪሕነት ተመሃሮ እተን 5-ኣብያተ-ትምህርቲ ቋንቋ-ኣደ ከተማ ፍራንክፈርትን ከባቢኣን ሃገራዊ መዝሙር ተዘሚሩ።

ብምቕጻል፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ጽምብል መበል 22 ናጽነት ኤርትራ ኣብ ፍራንክፉርት፡ ኣቶ ፍጹም ሳህለ መልእኽቲ ዮሃና ኣቕሪቡ። ኣቶ፡ ፍጹም ከም ትማሊ ሎሚ ምስጢር ዓወትና ኣብ ሓድነትናን ውዳቤናን ምኻኑ ብምዝካር፡ መኸተና ብስራሕ ንምድራዕ፡ ጻዕርና ምብራኽ መብጸዓ ዕለተ ናጽነትና ምኻኑ ኣስሚሩ። ንኹሎም ውዳቤታትብ ውልቀ-ዜጋታትን ዕዉት ጽምብል ኪኸውን ዘበርከቱ ብምምስጋን፡ ንክቡር ኣምባሳደር ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ቃሉ ከስምዕ ኣብ መድረኽ ዓዲምዎ።

ኣምባሳደር ጴጥሮስ፡ ነቲ ኩሉ መስገደላት ሰጊሩ ሓርነት ብጻዕሩ ዝተጎናጸፈ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ንተቐማጢ ከባቢ ፍራንክፉርት ዮሃና ኢሉ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ብናጽነት ጎይታ ዕድሉ ኪኸውን ዝመረጸ፡ ንምርጫኡ ክቡር ዋጋ ዚኸፈለ ክቡርን ሕቡን ህዝቢ'ዩ ድሕሪ ምባል፡ ንሓርነቱ ኪምንጥሎ ዚኽእል ዝኾነ ሓይሊ ኮታ የሎን ኪብል እምነቱ ገሊጹ። ኤርትራውያን ኣብ ጀርመንን ፍራንክፉርትን ንዝርእይዎ ዘለዉ ሃገራዊ ጽምደትን መኸተን ብምምጓስ፡ ንቀጻሊ'ውን ዕቑር ዓቅምታት ብምውህሃድ፡ ውዳበን ኣበርክቶን ከዕዝዙ ጸዊዑ።

ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ፡ ክቡር ዎቅዱስ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ፡ 4:ይ ፓትሪያርክ ቤተክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ፡ ኣብ ጀርመን ናይ ስራሕ ምብጻሕ ኣብ ምፍጻም ብምህላዎም፡ ናብዚ ጽምብል ተረኺቡም፡ መልእኽቲ ዮሃናን ቃለ ቡራኬን ኣቕሪቦም።

ድሕሪ መደብ መደረ፡ ዝተፈላለዩ ስነጥበባዊ ስርሓት ቀሪቦም። ህጻናት፡ ገጠምቲ፡ ዘየምቲ ብመብረ ንናጽነትን ባንዴራን ሞጉሶም። ተመሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሰማእታት፡ ኣዳል፡ ፍራንክፈረት-በርግ፡ ሸተራውን ኖርድ-ሸስትን፡ ፍቕሪ ሃገር ካብ ዕትብቲ ምዃኑ ዘጉልሕ ሳዛ ዝመልኦ መደባታ ኣቕሪቦም። ገጠምቲ፡ ኣሸናፊ ኣብረሃን ተኽለማርያም ብርሃነን፡ ሓደ ንዋጋ ናጽነት እቲ ካልኣይ ንመቐረታ ጠቂሶም መሳጢ ግጥምታት ኣንቢቦም።

ንኽብሪ እዛ ዕለት ዝቐረበት፡ "ምልጋስ ክፍሊ ኣካላት" ዝተሰምየት፡ ብደራሲ ኣንገሶም ኢሳቕ ዝተደርሰት ድራማ ፍሉይ ተምሳጥ ፈጢራ። ብድምጻዊ ኣሮን ኣብረሃ ዝቐረበት "ባንዴራና" ዘርእስታ ሓዳስ ዜማ ከኣ ልዑል ኣድናቖት ረኺባ። ኣብ ምብጋስ እዛ ደርፊ፡ ሄኖስ ክብሮም ዝተባህለ ህጻን ሳዛ ዝመልኦ መኽፈቲ-ግጥሚ ብምቕራቡ፡ ፍሉይ ጣዕሚ ካብ ዝፈጠረ ትሕዝቶታት እዚ ምሸት'ዩ ነይሩ።

ድሕሪ'ዚ ዝሰዓበ መደብ ምቁራስ ምቑር ሕብስትን ምኽፋት "ሻምፓኝ"ን ነይሩ። ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ፡ ብመንእሰያት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዲፕሎማስኛታትን መራሕቲ ውዳቤታትን ተሰንዩ ቶርታ ናጽነት ቖሪሱ፡ ንኽብሪ ዕለትና ከኣ 22-ጠራሙዝ "ሻምፓኝ" "ተተኰሰን"።

ኣብ ጽምብል መበል 22 ናጽነት ኤርትራ ኣብ ፍራንክፍርት፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ማሕበረኮም ሶዳንን ኦጋዴንን፡ መሓዙት ኤርትራ ዝኾኑ ጀርመናውያን፡ ወከልቲ ሰልፍታትን ማሕበራትን ጀርመን ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ኣጋይሽ-ክብሪ፡ ተሳቲፎም።

ኣብ'ዚ ምሸት መደብ ምዝንጋዕ እንዳተኻየደ፡ ብመርሓ ሽማግለ መኸተ፡ ብጸላእቲ ልኡላውነትና ንዝፍሓስ ዘሎ ሓዲሽ-ሽርሒታት ዚኹነን ወረቓቕቲ (Petition) ብምዝርጋሕ ተሳተፍቲ ክታሞም ከስፍሩሉ ከምስእዩ ከለዉ፡ መኸተና ብወፍሪ ንምድራዕ ከኣ፡ ናይ ኤሪቴልን ኮርፖረሽን መድሕንን ቅጥዕታት ዕድጊ-ብርክታት ብሰፊሕ ተዓዲሉ።

ጽምብል፡ ብድሙቕ ጓይላ ህዝቢ፡ ብሓዲስን ዝጸንሐን ደርፍታት፡ ብወናማት ድምጻውያን ተኽለ ክፍለማርያም "ወዲ-ትኹል"፡ ኣልኣሚን ሓሰበላ፡ ኣሮን ኣብረሃምን ሪምዲየት ኣለምን ተሰንዩ ክሳብ ዚዛዘም፡ መደብ ጽምብል ብውዕውዕ መንፈስን ፍስሃን ሰዓት 24.00 ተዓጽዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ሓ/ዕማም ሜድያ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ጽምብል ናጽነት 2013